# ናጽነት ሓላል መሬትና

ኤርትራ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ መግዛእትታት ኣብ በረኻ ሰፊራ ተዓሚጻ ንመዋእል ድማ ካብ ካርታ ናይ ዓለምና ተደምሲሳ ስጋብ 91 ናጽነታ ትጭብጥ። ሽዑ እውን ናጽነታ ከም ኻልኦት ሀገራት ኣፍሪቃ ናጽነተን ኣብ ኢደን ዝተዋህበን ዘይኮነትስ ደቃ ደሞም ተኻዕዮ ፍቀዶ በረኻ ተሰዲዶም ዓቢ ዋጋ ከፊላ ዘውዲ ናጽንት ኣብ ኢዳ ዝጨበጠት ሃገር እያ። ሕጅውን ከምተን ካልኦት ኣፍሪቃውያን ኣህጉራት ካብ ዝተፈላለዩ መግዛእቲ ናጽነት ምስ ተረከባ ሰላመን ዝረኸባ በንጻሩ ናጽነት “እዛ ኣብ ማእከል እሾኽ ዝበቆለት ዕምባባና” ፍረሂወት በሪሁ ግን... ብሽርሒ ጸላእቲ ዝተኸበ ኮይኑ ስጋብ እዛ ደቂቕ እዚኣ ሕርዱግ ክብሉ ክጎብጥዋ ክድምስስዋ እንሆ ክልተ ዘመንን ርብዕን ሓሊፉ። ሕልምታት ጸላእታ ንሃገርና ምስጎበጡ ዝረኸብዎ ጸጋታት ከስክሮም ከሎ ብሐሳብ እታ ኣደ ዘኽታማት ኣደ ጀጋኑ ኣደ ዉጹዓት ኣደ ዉፉያት ኣደ የዋሃት ኣደ ንቁሓት ዝኾነት ኤርትራና ግን ድቃስ ቁንጪ ኮይኑ ድቃሳ በቲ ንደቃ ክተዕንግል ንማዕቀብ ክትኩንን: በቲ ድማ እቲ መሪር ዘስካሕክሕ ህይወት ደቃ ብስልኪ ማሕነቅቲ: ጥኑሳት ብሳንጃ ምትርታር: ምጭፍላቅ ደቃ ብታንከታት: ኩሉሙሉ ምንዳድ ህድሞታታን ኣጓዱኣን: ዘሰደምም ሂወት ክትብሎ ዋላ ክትጽሕፎ ከማን ዘስካሕኽሕ ዘንቀጥቅጥን ነገራት ከይድገም መዓንጥኣ ሸጥ ኣቢላ ኣሲራ ከይኣክል በቲ ድማ ናብ ሰናይ ምዕባለ መጻኢኣ ትምርሸ ዘላ ናይ ኾውኽብቲ ኾኾብ ዝኮነት ኣፍሪቃዊት ሃገር እያ። እዚ ስለዝኾነ ደቂ ኤርትራ ንናጽነት ሀገሮም ክምዝተሰዉኡ ሕጂዉን ንናጽነቶም ካብ ጸላእቲ ክሕልው ክሞቱ ክሰርሑ ብድሌት ሕልኖኦም ይግደዱ። ሎምዉን ከምትማሊ ንዘልኣለም ጀጋኑና ዝሞትሉ ዕላማ ንጸላእትና ዝበርተዔ መርዛም መስተ ከይፈተዉ መዓልታዊ ክጭልጥዎ ክግደዱ ከለዉ ኩልና ንርእዮ ዘለና ናይ እዋንና ጋህዲ እዩ።   ኣግማል ዓባይ ሳሕል ድማ ካብ ከባቢ ብሻ ተበጊሶም ንብረት ምዕባለ ተጻዒኖም ናብ ሙሉእ ኤርትራ ምግላብ ጀሚሮም ኣሎዉ እሞ ሓድነትና ዉርሻ ቀዳሞት ነጽንዕ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ናህሪ ኣግማልና ንፋስ ጸላኢ ከይኣትዎ እቲ ናይ ሰዉኣትና ሕድሪ።

ናጽነትና ንዘልኣለም ከቢራ ትንበር!

ዘልዓለማዊ ዝኽርን ኽብርን ንሰውኣትና

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!